HBRI AYN NA ሕብሪ ዓይንና 20.11.2020

ደስ ስለ ዘይበላ ትማሊ ሕብሪ ዓይንና
ንብረትና ገፊፋ ከም ዘየባረረትና
ሎሚ ርድኡኒ ኤርትራውያን ክትብለና
ምስ ምንታይ ድያ ቀጺራትና
ከምኣ ዶ መሲልዋ ርእሲ ዘየብልና

ምልክት ስዕረታ ጸዊዓ ባዕላ
ትገብሮ ጨኒቕዋ ጸቢብዋ ዓቕላ
ከበባ ሰሜናዊ እዝ በርቲዕዋ
መተንፈሲ ተኾና እንተረሃዋ
ሓቂ ከተምስል ተወሪረ ኢላ
ንባዕላ ብፍርሒ ተዋሒጣ ከላ
እንዳ ቐጸረት መዓልቲ ሞታ
ኤርትራውያን ማሪኻ ብውጹእ ሓሶታ
ንዓለም ከተደናግር ከም ኣመላ

ልዑላውነት ሃገር መሊሳ ጊሂሳ
ብሚሳይል ነስመራ ከተጥቅዕ ተበጊሳ
ሕማቕ ታሪኻ የሐዲሳቶ መሊሳ
ዓቕማስ ተራእዩ ክትወድቕ ብርእሳ

ሰብእነት ኤርትራውያን ግዲ ናፊቓቶ
ብሻዕብያ ክትመውት ከም ጽድቂ ሓሲባቶ
ሻዕብያሞ መዓስ ከምኦም ኮይኑ ኣመሉ
ምድርባይ እምኒ ኣብ ልዕሊ ሬሳ ዘይባህሉ

እምበር ናይዚ ኹሉ በደልሲ
ነይርና ነመዓራርዮ ክፉት መልሲ
መጥፊኢታ ቃታ ካብ ሰሓበት
ነብሰ ቀትለት ጌራ ባዕላ ትሰናበት
ክፉእ ታሪኻ ምስኣ ይቀበር
ተማሊኣትልና ትኺድ ከድዓት ደቂ ሃገር
ጀግንዳ ወያነ ማምኦም ካብ ሞቶቶም
ስለ ዘይገረኽበሎም ሰይተቦ ትኾኖም

ዓወት ንሓፋሽ !!
ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ ጀርመን